# ፍኑው ጽሑፍ (ቴማ)

“እቶም ቀዳሞት ገዛእቲ ቱርካውያን ኣብ ፎርቶ ከረን ዕርድታቶምን ግዝኣቶምን ዘንበሩ እኳ ኣንተኾኑ እቲ ግዝኣቶም ግን ካብቲ ዝመጽሉ 17 ክፍለ ዘመን ህላዊኦም ዳርጋ ውጽኢታዊ ኣይነበረን። ብናይ ደቀባት ተቓውሞን ውሽጣዊ ጸገማቶምን፡ ንውድቀቶም ኣቀላጢፉን ኣብ 1865 ምምጻእ ግብጻውያን ኣብ ገማግም ኤርትራ ኣኸቲሉን፣” (ሓዳስ ኤርትራ፡ ብዛዕባ ከረን 9 መጋቢት 2010 ገጽ 8 #163 ተመልከት)

ብሓቂ ድዩ ደቀባት ኢሉ። ደቀባት ኤርትራውያን ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ተጠቒሶም! መሊሸ ከንብባ ኣሎኒ'የ ዝበልኩ። ብርግጽ ድማ ደቀባት ከምዝበለት ነበብኩ። እቲ ጽሑፍ ቀጺሉ ከኣ ንከረን ትብል ቃል ትርጉማ ኣቕረበ። “ብኣፋዊ ኣበሃህላ ከረን ዝብል ስም ካብ ክልተ ናይ ኤርትራ ቋንቃታት ብሌንን ትግርኛን ዝተወሰደ ኢዩ፣ ‘ክራና’ ዝብል ብቓንቋ ብሌን ከውሒ ማለት'ዩ፣ ብቛንቋ ትግርኛ ከረን ማለት ከኣ ጎቦ ማለት እዩ፡” ይብል። ካልእ ታሪኻዊ ትርጉማት ከቕርብ'የ ተጸብየ፡ ካልእ ድኣ ተኾይኑ'ምበር በዝስ ኣይዓገብኩን። ተወሳኺ ርእይቶ ከናዲ ኣሎና ኢለ፡ ንደቂ ከረን ክውከስ ሓለፍክዎ። መሊሸ ዝን ኢለ ከኣ ኣተሓሳሰበኒ። ሓዳስ ኤርትራስ ደቀባት! ኢላ፡ እሞ ኽኣ ኣብ ትርጉምን ትሕዝቶን ስፍራታት ኤርትራ ምትንታን ኣትያ! ገረመኒ። ተንበብካስ ምላቑ ሓቒ'ባ ትረክብ ኢኻ። ሓቂ ሓያል'ያ፡ ትሞሉቕ ድማ።

ምኽንያቱ ኩሎም ኣሽማት እምባታት ሩባታት ሜዳታት ዓድታት ሃገርና፡ ንዓበይቲ ሰባት ምስ እንሓትት እቲ ኣሽማቶም ታሪኻዊ ትርጉም ኣለዎ። ትም ኢሎም ከውሒ ገረብ ጎቦ ፍዮሪ እሾኽ ኢሎም ሽም ኣየውጽኡን'ዮም። እቲ ኩሉ ድፍዓት ዝተሰርሓሉ ጎቦታትን ጎላጉልን፡ እቲ ኩሉ እግሪ ተጋዳላይ ዝቖረጸ ሜዳታትን ሽንጭሮታትን ስማዊ መበቆሉን ታሪኹን ነቶም ንረኽቦም ዝነበርና ዓበይቲ ደቂ ዓዲ ሓቲትና ንምዝግብ ኤርና እንተንሽውንሲ ክንደይ ታሪኽ ኮን ምተዋህለለ ነይሩ።
እቲ ታሪኽ'ቲ ኣካል መበቆልና ምኳኑ ዘንጊዕና። ቀልብና፡ ብተንኮል ዝቐበበ ፖለቲካ ደናቑር ዝወለዶ ሕሙም ዝንባሌ ተሰሊቡን ተወሪሩን፡ ኣብኡ ክዓልብ ኣይከኣለን። ከምኡ ክንገብር ይፍቀድ ከ ነይሩ ድዩ?

ብዓቢኡ ታሪኽን ትርጉምን ኣሽማት ስፍራታት ኤርትራ ታሪኽ መበቆል ደቀባት ስለዝኾነ ንምፍላጡ ኣይተደልየን። ከይድህሰስ ተኸልኪሉ። ጸቓጢ ሕቶታት እንዳተኸተሎ፡ ታሪኽካን መበቆልካን ምድህሳስ ወንጀልን ክስን ኮይኑ። እንታይ ኢልካዮ ኢኻ ታሪኽን ትርጉምን ኣሽማት እምባታትን ሜዳታትን ዓድታትን ትሓትት ዘሎኻ? እዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ንቕጽበትን ንሓዋሩን ንሓለዋ ሰውራ ገጹ ዘዕዝርን ዘስፍርን ሓጥያት ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ግና ስንፍና ተጋዳላይ ወይ ስለዘይተሓስቦ ጥራይ'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ተጋደልቲ ሓርነት ምሉእ መሰል ነጻነት ምጽሓፍን ምዝራብን ነይርዎም'ዩ።ስለምንታይ ኮን ይኾኑ ኣቦታት ጎቦ ጨረ ኢሎሞ? ስለምንታይ ከ ልቢ ትግራይ ተባሂሉ? ስለምንታይ… ኣብዚ እዋን'ዚን ዕድመ'ዚን ንድሕሪት ተመሊሸ እንተመዘንክዎ፡ ዘይምፍላጠይን ነዚ ሕቶታት'ዚ ክምልስ ዘይምኽኣለይን የሕዝነኒ።

ሕጂ' ውን እንታይ ሓሊፍዎ። መንእሰይ ወለዶ ደይ በረኻ'ዩ ሰፊሩ ዘሎ። ነጻነት ሃገር መጽዩ ክነሱ ዝያዳ ገድሊ'ዩ ፈጢሩ ዘሎ። ዘይምፍላጦም ከየጣዕሶም ካባይ ክምሃሩ ኣለዎም ይብል። ዊዓ ገልዓሎ መን ሰየሞ? እንታይ'ዩ ኸ ትርጉም፡ ታሪኹ? ገና እቲ ኣረጊት ወለዶ ከይሓለፈ፡ ነቲ ዘይተጻሕፈ ግን ከኣ ካብ ኣፍ ኣብ ኣፍ እንዳተምሓላለፈ ዝመጸ ትርጉምን ታሪኽን ስፍራታት ሃገርና፡ እቲ ኣብ በረኻታትን ምድረበዳታትን ዛሕ ኢሉ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ እንተደልዩ ሓቲቱ ክምዝግብ ይኽእል'ዩ። እቲ መሰረታዊ ሕቶ ግና ገና ኣይተመለሰን። ሕጂ ኸ ይፍቀድ'ዩ?

ኣቦታትና'ውን ኣሽማት ከውጽኡልና እንከለዉ ትርጉም ዘይብሉ ሽም ኣየውጽኡልናን'ዮም። ስለዚ ኣሽማትና ከምቶም ስፍራታት ኤርትራ ትርጉምን ታሪኻዊ መበቆልን ኣለዎም። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ፖለቲካ ሃገርና እንዳኸፍኣን እንዳተሽናኸረን ካብ ኢድ ህዝቢ ኤርትራ'ውን እንዳወጸ ይኸይድ ስለዘሎ፡ ብውሕዱ ኣብ ኣሽማት ሰባት ከድህብ ጀሚረ ኣለኹ። ሽም ሰብ፡ ሚእቲ ብምእቲ መበቆል ሓደ ዜጋ'ኳ እንተዘይነገረካ፡ ንኸተረጋግጽ ኣብኡ ገጹ ይመርሓካ'ዩ። ኣብ ሞንጎ ደቂ ከበሳ፡ እዛ ሽም ድኣ ሽም ኣምሓራይ ትጥዕም! ትግራዋይ እባ፡ ዋእ ኣብ ኤርትራ ከምኡ ሽም ይወጽእ'ዩ፡ እንታይ ኮንካ ኣታ ገዝሀኝ ዝብል ኣበበሽ ዝብል ሽም ኤርትራዊ ሰሚዐ ኣይፈልጥን! እንዳበልና፡ ኣብ ልዕሊ መበቆሎም ዘጥራጥሩና ኣሽማትን ሰባትን ክንካታዕ ንስማዕ። ዘየለ ዘይብሃል ኣየምጻእኩን። ንብሎ'ዩ።

ዘብለና ምኽንያት'ውን ኣለዎ። ፖለቲካ ኤርትራ ብመበቆሎምን እንታይነቶምን ዘጠራጡሩና ሰባት ስለዝተዓብለለ'ዩ። እቶም ሃገራውያን ደቀባት መራሕትን ተጋደልትን ኣበይ ኣለዉ? እቲ ወደባት ኤርትራዊ  ስለምንታይ'ዩ ንጎረባብቲ ሃገራት ከም ማይ ዝዛሪ ዘሎ? ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ኣእምሮና ካብ ዘንኳሕኩሑ ዓመታት ሓሊፉ'ዩ። ስለዚ እንታይ'ዩ ነገሩ ስለዝጭንቀና፡ ሽም ሰብ ከነቕልበሉ ንግደድ።

ንኣብነት ከምዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ እንተንበብካ እንታይ ትብል? ኣብ ኣእምሮኻ ንቕጽበት እንታይ ዓይነት ሓሳባት ይመጹኻ? ዋላ ሓንቲ ዘይስምዓካ፡ ሓሳባት ዘይመጸካ እንተኾይኑ፡ ሽምካን ሽም ኣቦኻን ኣዴኻን የገድሰኒ። ምኽንያቱ ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ መዛግብ ታሪኽ ምፍታሽ ሓሊፉ ኣብ መዝገብ መበቆል ምግንጻል ክእቱ ከምእተገደደ ከዛኻኽረካ እደሊ። እቲ ዘንበብክዎ ጽሑፍ ትሕዝቶኡ ተቐበል። ብመጋቢት 10 2010 ኣብ ሻዕብያ ዶት ኮም ዝወጸ ንስድራቤት ስውኣት ተባሂሉ ዶ ጸረ-እገዳ ዝተዋጽአ ገንዘብ፡ ኣሽማት ውልቀሰባት ተጠቒሱ ይርኢ። ንስድራቤት ስውኣት ከምዝወዓለ ጥራይ የረጋግጹ'ምበር፡ ጽቡቕ ገበሩ ከኣ በልኩ።

እቲ ጽሑፍ፡ ኣብ ዓዲ ሽወደንን ኖርወይን ዝተዋጽኣ ብሓፈሽኡ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘዋጽኡ ሽም ሰባት ከምዚ ኢሉ ይዝርዝር። **ወሮ ከበደሽ ክንፈ** ካብ "ኣውራጃ ሓማሴን" (እቶም ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ እንዳደምሰሱ ዝጕዓዙ ዘለዉ መራሕቲ፡ ሕጂ "ማእከል" ኢሎም ጸዊዮሞ ዘለዉ ስፍራ) ነዲኣ መቕበሪ ዝተባህለ ገንዘብ 20,000 ናቕፋ ወፍያ፡ **ወሮ ይሕደጋ ዘገየ** 10,000 ናቕፋ ወፍያ፡ ዮዲት ፍትዊ 10,000 ናቕፋ ወፍያ፡ **ወሮ ኣሰፋሽ ኣያለው** ድማ ንመቕበሪ ኣዲኣ ዝተባህለ 3,000 ናቕፋ ወፍያ። ንዓይ እዚ ኣሽማት'ዚ ደንጽዩኒ። ብጀካ ዮዲት ፍትዊ ዝብል ሽም ድማ፡ እዚ ኣሽማት'ዚ ኤርትራዊ  ኣይኮነን በልኩ። ምኽንያቱ ነዚ ኣሽማት'ዚ ንምፍላጥ ኣብ ገድሊ ምውጻእ'ኳ እንተዘይኣድለየ፡ ተጋዳላይ ዝነበርክሉ ግዜ፡ **ዘገየ፣ ኣያለው** ዝብል ሽም ሰብኡት **ከበደሽ፣ ኣበበሽ** ዝብል ሽም ኣንስቲ፡ ኣስማት ጸላእትን ምሩኻትን ጥራይ ከምዝነበረ ይፈልጥ። ሕጂ ድኣ ከመይ ጌረና ኢና ተዓራሪኽና ከኣ በልኩ።

እቲ ኣሽማት ኣብ ዓዲ ሽወደንን ኖርወይን ዘዋጽኡ እንተዝዝርዝርዎ ጽቡቕ ነይሩ። ንዕኦም ገበሩ ተባሂሉ መጸዋዕታ ምኾኖም፡ ንዓይ ከኣ ምናልባት ከምቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ተመሳሳሊ ኣስማት፡ ማለት ከም ኣዳነሽ ወርቅሃ ሃይሉ ለማ ከይህልዎ ክድህሰስ ምሓገዘኒ። እዘኣን ኣንስቲ ድኣ ኣባላት ቅንጅት ከይኮና? እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዘፍ ኢሉ ክነሱ፡ እቲ ጸረ- እገዳ ዝተቓንዐ ጎስጓስ ምውጻእ፡ ገና ኣይተወዓወዐን ዘሎ። ከመይ ገይረን ድኣ እዚኣተን መርኣያን ፊተውራርን ኮይነን? እቲ ቃልሲ ተዳባሊቑ! መን'ዩ እቲ ተቓላሳይን ዘይተቓላሳይን ኣብ ዘይፍለጠሉ ደረጃ በጺሑ። እዛ ዓዲ ኣበይ ገጻ ከም ተብል ዘላ ኣይፍለጥን'ዩ ዘሎ፡ በልኩ። ብየካቲት 22 ኣብ ወጻኢ ዝተገብረ ሰላማዊ ሰልፊ እንተኾነ'ውን ኢትዮጵያውያን እሞ ኸእ ነጻነት ኤርትራ ዘይኣምኑ ክነሶም ቅድመ-ግንባር ኮይኖም ተሓዊሸሞ ውዒሎም'ዮም። ስለዚ እዘን ዝወፈያ ኣንስቲ ተደናገጽቲ ድየን ተዳፋዕቲ'ዚ ስርዓት'ዚ? ክፈልጥ ዝያዳ ከዋህልል ኣሎኒ፡ ኢለ ኣወንዚፈ ገደፍክዎ።

ገና ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ #163 ኣይውዳእኩን። ተጸሚመ ከንብብ ድማ ዓጠቕኩ። ኣብ ውሽጢ ዓዲሲ እቲ ምውጻእ ተጀሚሩ'ዩ ይመስለኒ። ምኽንያቱ ሪፖርተጅ ምኪኤል ባህታ ብዛዕባ 8 መጋቢት ከምዚ ኢሉ ክሕንጥጥ ይጅምር፡ **"ወርቂ ኩትሻይ ጎባጉበየ፣ ቃል ኪዳን ኣትየ ምስ ማሕበረይ'የ"** ኢለን እናደረፋ ኢየን ኣዴታት ምምሕዳር ገዛ ባንዳ (ኣስመራ) ኣብ ቤት ትምህርቲ ሚስዮን ዕሙር ጓይላ ተኺለን ጸኒሓናና፣" (ሓዳስ ኤርትራ 9 መጋቢት 2010 ገጽ 3 #163 ተመልከት)  ኣትን ኣንስቲ ቀደም ዘይኣኽለክን፡ ሕጅስ ኩትሻኽንን ጎባጉክንን ድኣ ኣክባ። ግዜኡ ትርእይኦ ኣሎኽን ዝመጽእ ኣይፍለጥን'ዩ። ንድሓር ይኾነክን፡ እየ ዝበልኩ። መሊሱ ምኪኤል ባህታ "ውዳቤኣን ከደልድላ ቃል ኣትየን፣ ኪዳነን ከምዘይጠልማ'የን ድማ ብደርፈን ተወሳኺ ኪዳን ኣትየን፡" ይብል። ዋእ! ብደርፊ ዶ ኪዳን ይእቶ'ዩ ኣቱም ሰባት! እሞ ከኣ ተወሳኺ ኪዳን። ሓንሳብ ዶ ከይኮነ ኪዳን ዝእቶ? ምኻን ሓቂ'ዩ ምኪኤል፡ ጓይላን ደርፍን እቲ ውድብ ካብ በረኻ ሒዝዎ ዝኣተወ ወኒ ከም ምኻኑ ታሪኻዊ ደገፈታ ኣብ ገጽ 8 ዝተጻሕፈ ንኣባ-ጓይላ **"ክንደይ ኢኹም ትሽፍልዎ?"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሳሙኤል መንግስትኣብ ከምዚ ክብል ጽሒፉ ኣሎ።

“ወርቂ ኩትሻይ ጎባጉበየ። ቃል ኪዳን ኣትየ ምስ ማሕበረይ’የ”




ኣንስቲ ገዛ ባንዳ ኩትሻኽን ጎባጉብክንን ኣክባ። ድሓር ኣይ! ኣይ! ከይትብላ።

ሳሙኤል ብዛዕባ ታሪኽ ጓይላ ተጋደልቲ ምጽሓፉ’ዩ፡ “ሕልፈ ጸብለል ንዘበለ ተራ ኣባ ጓይላ ዘስደመሞም ኣጋይሽ፡ ኩነታቱ ዓጂብዎም ኣፎም ከፊቶም ጥራሕ’ዮም ዝከታተልዎ ኔሮም፣ ንሶም ሕጂ’ዶ ድሓር የዕርፍ ክብሉ፡ ንሱ (እቲ ኣባ ጓይላ) ብዘይሕለል ወኒ ተመላሊሱ ነቲ ሂር ዝበለ ጓይላ ክከታተል ነዊሕ ኮይኑ፣ “እዝ’ስ ገለ ኣለዎ!” ብዝብል መንቀሊ ሓሳብ’ዩ ግዲ፡ ካብ ኣጋይሽ ኣብ እዝኒ ሓደ ኣብ ጎኑ ዝነበረ ሰብ ጽግዕ ኢሉ፡ “ነዚ ኣወሃሃዲ (ኣባ ጓይላ ምኻኑ’ዩ) ክንደይ ኢኹም ትኸፍልዎ?” ክብል ግድነታዊ መልሲ ዝተጸበየሉ ሕቶኡ ዱብ ዘበለ።

“ተጋዳላይ በቶም ዝተኽሎም ሂር ዝብሉ ጓይላታት ዓወቱ ክጽንብል ብእኦም ክጸናናዕ ልሙድ ተግባሩ’ዩ ነይሩ። ንክራርን ከበሮን ሰውነት ዘውጽኡለን…ብሉጻትን ፍቑራንን ብጾትካ ከፊልካ፡ ንሓዘንን ጓህን ብኣግኡ ሕቖኻ ንኽትህበሉ ዘኽእል ስምዒት ካበይ ይምንጩ ኮን ነይሩ ይኸውን? ነቲ ሕቶ ብሕትኡ ወንዚፍና፡ ንተመራመርቲ ታሪኽ ንሕደገሎም፡” ይብል ሳሙኤል። (ሓዳስ ኤርትራ 9 መጋቢት 2010 ገጽ 8 #163 ተመልከት) እንታይ ኣብ ተመራመርቲ ታሪኽ ኣብጽሓና። ነቲ ዝሓለፍናዮን ዝነበርናዮን ታሪኽ ምጽሓፍ ድማ ክንስእን። እሞ ኸኣ ታሪኽ ጓይላ! ኣብ ህግ ጓይላ እቲ ቀንዲ ፖለቲካዊ መሳርሒ’ዩ ነይሩ። ንምንታይ? ንምስፍሕፋሕ ድንቁርናን ምዝራግ ባህልን። እቲ ተወደብ!! እንዳበለ ዝጭድር ሳዕሲዒትኩምሲ መዓስ ከም ናይ ኣቦታትና ኮይኑ። ንምጥፋእ ድንቁርናን ንምምዕባል ትምህርትን ስነ-ፍልጠትን፡ ማዕረ ነቲ ባህሊ ጓይላ ዝተገብረሉ ጻዕርን ጎስጓስን’ኳ እንተዘይኮነ፡ ክንዲ ፍርቁ ተገዳስነት ተነቢሩሉ ነይሩ እነተዝኸውንሲ፡ ንቕሓት ተጋደልቲ ኣበየናይ ደረጃ ኾን ምስ በጽሐ። መሰልን ክብርን ህዝብና ክንደየናይ ኮን ተኸቢሩ ምሃለወ።

ኤርትራዊ ዜጋ ካብ ገገዝኡ ንገድሊ ዘንቀሎ ቀንዲ ምኽንያት፡ ጠንቁ ፖለቲካዊ’ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ህግ ብዛዕብኡ ከየልዕል ከይምሃር ከይመራመር ከይሓትት ተገዚቱን ተዓፊኑን፡ ደንቁርንኡ ተሸኪሙን ክራሩ ተሓንጊጡን ጓይላ እንዳተኸለ ከም ዝኣተወ መን ይጠፍኦ። እትው ምስ በለ ከኣ፡ ከምቲ ሳሚኤል ዝጸሓፎ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሂር ዝበለ ጓይላ ተኺልኩም ተሃንኩም ኣራግፉ! ፖለቲካ ዝብሃል የለን ዶ ኸይኮነ ዝበለ፡ “ድሕሪ’ቲ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ህይወቱ ዓብላሊ ቦታ ዝሕዝ ውግኣት’ውን እንተኾነ፡ በቶም ዝተኽሎም ሂር ዝብሉ ጓይላታት ዓወቱ ክጽንብል ብእኦም ክጸናናዕ ልሙድ ተግባሩ’ዩ ነይሩ፣ ንክራርን ከበሮን ሰውነት ዘውጽኡለን። ሰብ ወኒ ተመናጢሎም ተሃኖም ከራግፉ

ኣካል'ቲ መስርሕ'ዩ ነይሩ፣" ይብል ሳሙኤል። ልክዕ ከምቲ ጓይላታትን ክራራትን፡ ነቶም መሰልን ክብርን ዜጋ ዘውሕሱ፡ ፖለቲካዊ ምጉትን ክትዕን ኣላዘቦን፡ ኣራሚ ነቐፌታን ተቓውሞን ተመናጢሎም ሰውነት ዘውጽእሉ ኣካል'ቲ መስርሕ ዘይምንባሩ ምኽንያት ክትነግረና ዶ ትኽእል?

ብዛዕባ'ዚ መስርሕ ጓይላ ከይተንከፍክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ካልእ ነጥቢ'ሎ። ተጋዳላይ በቶም "ሂር ዝብሉ ጓይላታት ዓወቱ ክጽንብል ብእኦም ክጸናናዕ ልሙድ ተግባሩ'ዩ ነይሩ፣" ይብል ሳሙኤል። ልክዕ ኣሎኻ፡ ንህዝቢ ኤርትራ መሰሉን ክብሩን ሓሊኹም፡ ነዚ'ኻ ጽዒርካ ነዚ'ኻ ተሰዊእካ ሕጂ ነጻነትካን መሰልካን ኣስተማቕር ኢልኩም ኣብ ክንዲ ትእብድዎ፡ እንሆልካ ጓይላን ዳንኬራን ብእኡ ተጻናናዕ ብእኡ ተኣበድ ኢኹም ዝበልኩሞ። ነተን ሕጂ ኣብ ፈቐድኡ ኩርንዓት ተኾርምየን ዝልምና ዘለዋ ኣዴታት ስውኣት፡ መሰል ሓዘን ደቀን ከልኪልኩመን ኢኹም። ናታትኩምሲ ባዕልኹም ዝገበርኩሞ'ዩ፡ ዝያዳ መስዋእቲ ምስ ኣጋጠመና ብዝያዳ ጓይላ ንጸናናዕ ንእበድን ነይርና ትብሉና ኣለኹም። ዘይሰብኣዊ ባህርያት ስለዝኾነ ድማ ንምእማኑ ኣሸጋሪ'ዩ። ኮይኑ ግና ነቲ ደቁ ዝተሰውእዎን ዝተጎድእዎን ስድራቤት ኤርትራ፡ ሓዘን ከይትገብር! ሓዘን ኣየድልን'ዩ! ኣዴታት ዓልላ! ንዕነ ጓይላ እተዋ! እንዳበልኩም ወጢጥኩም ዘይባህሉን ዘይልምዱን ኣተኣታቲኹም፡ ኣስኪርኩሞን ኣጸሊልኩሞን ኢኹም። ንዓኻትኩም'ውን እንተኾነ፡ ባህሊ ጓይላ ዝገደፈልኩም የብሉን። ጽላለ ኣሕዲሩልኩም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሕጊ ይኹን ባህሊ ዘይፈልጥ ኣብዲ ዝኾነ መሪሕነት ተኺልኩም ተሳቒይዎ ኣለኹም።

ሓዘን መስርሕ'ዩ። እቲ ናቱ ዘድሊ ልምዳውን ባህላውን ረቛሒታት እንተዘይኣማሊኡ ከኣ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ቅልውላው ከምዘኸትል ኣቦታት ይነግሩ። ብስነ-ፍልጠት'ውን ዝተደገፈ'ዩ። ኮይኑ ግና፡ ነቲ ባህላዊ ሽነኽ ሓዘን ንኽስበር ዓጢቕክምሉ። እዚ ኩሉ ተሓሊፉ ከኣ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ መሳርሕቲ ሳሙኤል ዝኾነ ምኪኤል ኣብ ገዛ ባንዳ ዝርኣዮ ጎስጓስ ጓይላታት ኣንዳነኣደ፡ ጎባጉብን ኩትሻን ኣዴታት ገዛ ባንዳ ከራግፍ ይቀራረብ ኣሎ። "**ወርቂ ኩትሻይ ጎባጉበየ፡ ቃል ኪዳን ኣትየ ምስ ማሕበረይየ**"። ኣነ ኸኣ "ሕጅስ ይትረፍክን!" ይብለን ኣለኹ።

እዛ #163 ጋዜጣ'ዚኣ ብዙሕ ነገራት'ያ ኣልዒላ። ክገድፋ ኣይከኣልኩን። ኣብ ገጽ 1 መራሕ መንግስቲ ንኣማሓደርቲ ኣኪቡ ይርአ። ትሕዝቶ ኣኼብኦም ከይተገደስኩ ኸኣ ኣብቲ ስእሊ ኣቃለብኩ። ክውንነቶም ከይሓብአ ዘርኢ ጽቡቕ ስእሊ፡ ዓጀበኒ። ቁምነገር ኣኼብኦም ምስ ኣንበብኩ፡ ዝያዳ ጻዕሪ! ዝያዳ ጸዓት! ብሓጺሩ ዕጽፊ ከነፍሪ ዕጽፊ ክንጽዕር ኣሎና፡ ዝብል ክነሱ ካብቲ ስእሎም ተመልኪተ፡ ዝገምገምክዎ እዚኣቶም ድኣ ከይጀመርዎ ኸለው እንድዮም ዝደኸሙ ዝመስሉ። ንምኻኑ ኸ ይሰምዕዎ ዶ ኣለዉ? ነዚኦም ድኣ ዓራትዶ ኣንሶላ ከንጽፈልኩም ዘይበሎም እንታይ ኮይኑ? ክልተ ኩርሲ ጥርሑ'ሎ፡ ንፋስ ንወቓዕ ድኣ ከይከውን? ሓሊፈ ድማ ኣርእስቲ ርእሰ ዓንቀጽ ተረኣኹ፡ "ዝሰምዕ እዝኒ እንተልዩ… ንጹር መልሲ ሂቡ ኣሎ!" ንዕኦም ድዩ ከምኡ ዝብሎም ዘሎ? (ኣንባባይ፡ ስእሊ ብዙሕ'ዩ ዝነግር። ኣብ ዝቕጽል ገጽ ኣሎካ፡ ኣግዚፍካ እስከ ተመልከቶ እንታይ ትዕዘብ?) ብተወሳኺ ዕጽፊ ጻዕሪ ምስ ኣንበብኩ፡ መንእሰያት ተወድኡ! እየ ዝበልኩ። ትሕዝቶኡ ኣንቢበ ምስ ወዳእኩ ካብቲ ኩሉ ዝገረመኒ ግና እዚ'ዩ። "ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ብ8 መጋቢት 2010 ኣብ ኣደራሽ ደንደን - ኣስመራ ኣብ ዝተቓንዐ ኣኼባ ኣማሓደርቲ…" ኢሉ ከብቅዕ ብዛዕባ በዓል ደቂ-ኣንስትዮ ዋላ ንማለቱ ሓንቲ ቃል ከይተዛረበ ብምውድኡ'ዩ። እዚ እቲ ጎፍታ ኣንዳሃለለ ዝመጸኒ ሓሳባት ኮይኑ ኣብ ትሕዝቶ'ቲ ኣኼባ ከእትወኩም።

መራሒ ኣኼባ ከምዚ ይብል፡ "ናይ ሃገራዊ ባጀት ቀዳምነት ንውሕስነት ቀረብ መግቢ 2010 ስለዝተመደበ፡ ኣብ 2010 ናይ ቀረብ መግቢ ጸገም ክህሉ ኣይኮነን።" (ሓዳስ ኤርትራ 9 መጋቢት 2010 ገጽ 1 #163 ተመልከት) ጽቡቕ! ግናስ ንሕርሻ ዝለዓለ ባጀት ተሰሊዕሉ'ሎ ክብል ሰሚያሞ እንተኾይኖምሲ፡ ክንደይ'ዩ ኢሎም ሓቲተሞ ዶ ኾን ይኾኑ? እቲ ባጀት ሃገር'ኳ ዝፈልጦ እንተዘይብሉ'ቲ ዝዓበየ ግማዕ ኣብ ውትህድርናን ብረታ ብረትን ከምዝጠፍእ ብሩህ'ዩ። እቶም ዕጽፊ ጻዕሪ ዝሕተቱ ዘለዉ ሰራዊት ድኣ እንታይ በሊዖም'ዮም ክጽዕቱ? ሓቲተምሎም ዶኾን ይኾኑ? ምኽንያቱ እቲ መራሒ ከምዚ ክብል'ዩ ዝቐጸለ፡ "መንእሰይ ወለዶ ኣብ ዝተፈላለየ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ዝጸንሖ ኣበርክቶ፡ ሓያል ድርኺት ከምዝፈጠረ ሕጂ ድማ…" ዋእ!! ቀደም ከይኣኽሎ እንደገነ ሕጂ ድማ ኣብ ጥራይ ጅብኡን ጥራይ ከብዱን ብዓጸፌታ ከበርክት ይሕተት ኣሎ! ዶ'ምበር እዚ መንእሰይ ወለዶ ንምሉእ ዕድሜኡ ካብ ዘለዎ ናብራ ክገላገል'ዩ? ዶ'ምበር እዚ መንእሰይ ወደባት ስደት ከቛርጾ ተደልዩ ኣሎ? እየ ዝበልኩ።



(ሓዳስ ኤርትራ 9 መጋቢት 2010 ገጽ 1 #163 ተመልከት)
“ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ብ8 መጋቢት 2010 ኣብ ኣደራሽ ደንደን - ኣስመራ

መራሒ ኣኼባ ከምዚ ይብል፡ “ናይ ሃገራዊ ባጀት ቀዳምነት ንውሕስነት ቀረብ መግቢ 2010 ስለዝተመደበ፡ ኣብ 2010 ናይ ቀረብ መግቢ ጸገም ክህሉ ኣይኮነን።” (ሓዳስ ኤርትራ 9 መጋቢት 2010 ገጽ 1 #163 ተመልከት) ጽቡቕ! ግናስ ንሕርሻ ዝለዓለ ባጀት ተሰሊዕሉ’ሎ ክብል ሰሚዖሞ እንተኾይኖምሲ፡ ክንደይ’ዩ ኢሎም ሓቲተሞ ዶ ኾን ይኾኑ? እቲ ባጀት ሃገር’ኳ ዝፈልጠ እንተዘይብሉ’ቲ ዝዓበየ ግማዕ ኣብ ውትህድርናን ብረታ ብረትን ከምዝጠፍእ ብሩህ’ዩ። እቶም ዕጽፌ ጻዕሪ ዝሕተቱ ዘለዉ ሰራዊት ድኣ እንታይ በሊዕም’ዮም ክጽዕቱ? ሓቲተምሎም ዶኾን ይኾኑ? ምኽንያቱ እቲ መራሒ ከምዚ ክብል’ዩ ዝቐጸለ፡ “መንእሰይ ወለዶ ኣብ ዝተፈላለየ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ዝጸንሖ ኣበርክቶ፡ ሓያል ድርኺት ከምዝፈጠረ ሕጂ ድማ...” ዋእ!! ቀደም ከይኣኽሎ እንደገና ሕጂ ድማ ኣብ ጥራይ ጅብኡን ጥራይ ከብዱን ብዓጸፌታ ከበርክት ይሕተት ኣሎ! ዶ’ምበር እዚ መንእሰይ ወለዶ ንምሉእ ዕድሜኡ ካብ ዘለዎ ናብራ ክገላገል’ዩ? ዶ’ምበር እዚ መንእሰይ ወደባት ስደት ከቛርጾ ተደልዩ ኣሎ? እየ ዝበልኩ።

“ነዚ መቕጻዕቲ’ዚ ዝምክተሉ ቀዳማይ ስጉምቲ ኣፍራይነት ምዕባይ ምኻኑ ኣገንዚቡ፣” ኢላ ዘረባ መራሒ ተቐርብ ሓዳስ ኤርትራ። እገዳ ንህዝቢ ኤርትራ ክቕጻዕ ክንብርከኽን ተበሂሉ ብኣሜሪካ ዝተወሰነ’ዩ፡ ባያላይ’ዩ መራሕ ኣኼባ ደንደን። ብቐዳማይ ደረጃ እቲ ውሳኔታት እገዳ ቃል ንቓሉ እንታይ ከም ዝብል ሓዳስ ኤርትራ ንህዝቢ ከተቕርበሉ ከምዘይኮነት ፍሉጥ’ዩ። ኣቕሪባትሉ እንተኾይና ድማ ትጉሽተተይ። እቲ እገዳ ወይ መቕጻዕቲ ንመራሕቲ ድዩ ዝምልከት ዋላስ ካልእ ኣለዎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ምፈረደ። ሽሕ’ኳ በቲ መንግስታዊ ጋዜጣ’ቲ ውሳኔታት እንታይ ከምዝብል ክቐርበሉ እንተዘይከኣለ፡ ህዝቢ ኤርትራ’ቲ መቕጻዕቲ ንመራሕቲ ጥራይ ከምዝምልከት ፈሊጥዎ’ዩ። ብብዙሓት መራኸቢታት ተደጋጊሙ ስለዝተገልጸ፡ ኣብዚ ግዜ’ዚ ምዝርዛሩ’ውን ኣገዳሲ ኣይኮነን።

ስለዚ እገዳ ነቲ ሕማቕ ፖለቲካዊ ባህርያት መራሕቲ ንምቕጻዕን ንምንብርካኽን እምበር ንህዝቢ ኤርትራ ክቐጽዕ’ሉ ኣይተወሰነን። ህዝቢ ኤርትራ ቁጠባዊ እገዳ ኣይተገብረሉን። ኮይኑ ግና ንብረትን ጉልበትን ህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ውልቀ-ሰብ ኣብ ዝውነነሉ ዘሎ እዋን፡ ካብዝን ካብትን ኣጻፊዑን ዝኾነን ዘይኮነን ሽማሚቱን ዘምጽኣሉ ዝነበረ ቀረብ፡ ሕጂ እዚ ነጋዳይ’ዚ ገንዘቡን ሃብቱን እንተድኣ ተታሒዝዎ እንታይ ክግበር’ዩ? ዝብል ሕቶ ንምምላሱ ንህዝቢ ከሰክፎ ግድን’ዩ። እቲ መራሒ ምስዚ ምኽንያት’ዚ ፍርሒ ደባሊቑ ኣጠዓዒሙ ብምቕራብ ከኣ’ዩ፡ እቲ መቕጻዕቲ ህዝቢ ኤርትራ ንኽጠሚ ተባሂሉ ዝተበየነ’ዩ፡ ስለዚ ነፍሲ-ወከፍ ትርብዒት መሬት ኤርትራ ትባሕጩር ትኹዓት ጥብ ዝበለት ማይ ትትዓቀብ መሬት ይገደብ እንዳብለ ዘዳናግር ዘሎ። እዚ ኣበሃህላ’ዚ ከኣ ነቲ እገዳ ንምሻል’ዩ ኢሉ የቕርቦ።

እንተኾነ ግና፡ ዕላማ'ቲ ዝድለ ዘሎ ጻዕርን መኸተን፡ ህዝቢ ኤርትራ ከብዱ ንኽመልእ ድዩ ውላስ ነቲ እገዳ ከፍሽል? **“ነዚ መቕጻዕቲ'ዚ ዝምክተሉን ዝፈሽለሉን ቀዳማይ ስጉምቲ ኣፍራይነት ምዕባይ ምዃኑ ኣገንዚቡ፣”** ትብል ሓዳስ ኤርትራ። ስለዚ እቶም መራሕቲ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከብዱ ንምምላእ ዘድልዮ ስራሕ ፖለቲካዊ ምግባሩ ኣገዲሲዎም'ሎ። ንህዝብና ከኣ፡ ሪኤኻ! ሕጂ ድማ ብከብድኻ መጽዮምኻ ይብልዎ ኣለዉ። ኮይኑ ግና እገዳ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ከይተገብረ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ከብዱ ክመልእ ኣይከኣለን። ህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ሕጂ ተቐልቂሉ ዘሎ ግዳማዊ ዘይምልከቶ እገዳ፡ ብውሽጣዊ እገዳ ውልቀ-መላኺ ንዓመታት ተሳቕዩ፡ ክጠሚ ነይሩ'ዩ ሕጂ'ውን ይጠሚ'ሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ከብዱ ንኽመልእ በዞም መራሕቲ፡ ዓጸፌታ ጻዕሪ ዝጠልብ ከም ምዃኑ ካብ ተፈልጠ፡ ስለምንታይ ድኣ ቅድሚ'ቲ እገዳ መራሕቲ ምብያኑ'ቲ ህዝቢ ዘይተሓተተ። ስለዚ እቲ ዝሕተት ዘሎ ጻዕሪ ነቲ እገዳ ንምፍሻል እምበር ከብዲ ህዝቢ ንምምላእ (ንኣፍራይነት) ኣይኮነን። ምስ'ቲ እገዳ ንምሻል ኢሎም ዘደናግርዎ ዝተሓሓዘ'ውን ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ዕላምኡ እቲ ህዝቢ ምሳና'ሎ ተቐጻጺርናዮ ኣሎና። ምስክሩ ኸኣ፡ ኣብ ፈቐድኡ ክርንዓት ዓለም ደድሕሬና ሆ! ኣቢልናዮ ኣሎና። ፖለቲካዊ ስልጣን ድማ ኣብ ኢድና ከም ዘሎ ኣረጋጊጽና ኣሎና። እቲ ፖለቲካ ወያነ ኣሪጉና፡ እዚ ፖለቲካ እገዳ ድማ ከምዝመጽእ ንፈልጦ ኔርና'ና። ድሓን ይእቶ፡ ግርም ሓዲሽ መሸቀጢ ኣብ እዋኑ ፈጢሩልና'ሎ። እገዳ! እገዳ! ህዝቢ ኤርትራ ብሽብድኻ ክሕዙኻ ደልዮም! እንደበልና መናበሪ ስልጣና ረኺብና ኣሎና። እዚ ምዃኑ እቲ ነገሩ ህዝቢ ኤርትራ ተገንዚብዎ ኣሎ።

እገዳ ንምፍሻል እንተድኣ ኾይኑ ቀሊል'ዩ። ነዚ መሪሕነት'ዚ ግና ቀሊል ኣይኮነን። ካብቲ ዝተኸሰሶ ሓንቲ ኣብነት ንውሰድ። እዚ መሪሕነት'ዚ ኣብ ወጻኢ ዝድስክል፡ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝተዘርፈ ገንዘብን ንብረትን እንተድኣ ዘይብሉ ኮይኑ፡ ኣነ ዘሎኒ የብለይን ንሓላልኩም ውሰድዎ ዘይብሎም። እንታይ ክንድዚ ቆጭቆጭ ኣበሎ? እንታይ ኣብ ጽርጊያ ወጺእኩም ጥርዑለይ እንዳበለ ሰብ ዘትዕብ? ዝሕሱ? ከምኡ ግና ክብል ኣይክእልን'ዩ። እዚ መሪሕነት'ዚ ካብ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ዝቆጻጸሮ ዘይብሉ ክሳብ ዕለት ሎሚ ንብረትን ሃብትን ህዝቢ ኤርትራ ዘሪፉ፡ ምሉእ ዕድሜኡ ኣብ ፈቐድኡ ሃገራት ክሰኣኹዖ ነይሩ'ዩ። ነቶም ስግር ውቅያኖስ ተሰዲድና ዘሎና ዜጋታት ክኽወለና ኣይክእልን። እዚ ብስቱር ዝተዓሸገ ገንዘብን ንብረትን ህዝቢ ኤርትራ፡ እቶም ኣብ ጽርጊያታት ምዕራባዊ ዓለም ወጺኦም ዝጠርዕሉ ዜጋታት'ውን ከይተረፉ ዘይፈልጥዎ ኣይኮኑን።

እገዳ ንምፍሻል ወይ ካብኡ ንምምሃር'ውን ቀሊል'ዩ። ምኽንያቱ፡ እገዳ ተኣረም ተኣደብ'ዩ ዝብል ዘሎ። እቲ መራሒ ዝብሎን ዝገብሮን ሓደ ኮይኑ ድኣ ዘይፈልጥ ኮይኑ'ምበር፡ ኣብዚ ኣኼባ ኣማሓደርቲ'ዚ፡ **“ብዝኾነ ሽርሒን ተጻብኦን ከይተዓንቀጽካ፡ ኣብ ዕዮ- ገዛኻ ምጽማድን ምዕዋትን'ዩ፣”** ይብል። እቲ እገዳ ዝሓቶ ዘሎ ሕቶ'ዩ ዝዛረብ ዘሎ። ይሰማማዕ'ሎ እውን ክብል ይኽእል። እቲ እገዳ እንታይ ኢሉ'ዩ ከሲስዎ።ገለ ካብቲ ክሲ ንምጥቃስ፡ ንምሉእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከተምሓድር እትገብሮ ዘሎኻ ጻዕሪ፡ ህውከት ምስዋር ጥራይ ኮይኑ፡ ይትረፍካ!! ኣይከኣልካዮን ዓቕምን እንዶን'ውን የብልካን። ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ይጽንሓልካ። ኢድካን እግርኻን ኣክብ። ስሕት'ሉ ከኣ፡ ኣብ ሃገርካ ብዙሕ ዝቦኸረ ህዝባዊ ጉዳያት ኣሎ። ዕዮ ገዛኻ፡ ውራይ ሃገርካ ግበር፡ እንዳበለ ወስ የብለሉ'ዩ። ሕጂ ኣብዚ ኣኼባ'ዚ **“ኣብ ዕዮ- ገዛኻ ምጽማድን ምዕዋትን'ዩ”** ክብል ከሎ ሕማቕ ሓሳባት ኣይኮነን።

እቲ በኹሩ ዘሎ ዕዮ ገዛ ግና እንታይ'ዩ? ምልላዩ ከድሊ'ዩ። ጽርጊያታ ምስራሕ ድዩ? ኣእማን ምጉራትን ምንክርራውን ድዩ? ሓመደ-ሑጻ ምንፋይ ብያንኮ ምውቃዕ ወይ ኖራ ምፍላሕ? ምድርን መሬትን ኤርትራ ምብሕጫርን ምኹዓትን ምሕራስን ምድንዳልን ድዩ? ንሱስ ጉልበት ሓረስታይን ገባራይን ሸቃላይን ባዕሉ ምተተሓሓዞ። ከምዚ ክገብር ግና ጉልበት ህዝቢ ኤርትራ ነጻ ክለቆ ክግደድ'ዩ። ባርነት ከቐውም'ዩ። ብዓቢኡ ግና፡ እቲ ክኹዓትን ክብሕጨርን ዘሎምስ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣይኮነን። እቲ ሸውዓተ እመት ቀቢርዎ ዘሎ ቅዋምን ሕግን ሃገር'ዩ። እዚ'ዩ እቲ ዓጼፌታ ስራሕ ዘድልዮ። “ነቲ ቀቢርካዮ ዘሎኻ ሕገ-መንግስቲ መዓስ ኢኻ ትፍሕሮ? መዓስ ኢኻ ተውጽኦ?” ዝብል ሕቶ ተባዕ ጋዜጠኛ ጀን (ኣል ጀዚራ) ድማ ብክኢላታት ጋዜጠኛታት ኢሎም ንነብሶም ዝሾሙ ዜጋታት፡ ከምዚ ኢልካ ምሕታት ክሲ'ዩ ክብሃልን፡ ውዲተኛ ተባሂሉ ክዝለፍን ይገርመኒ።

ኣብቲ ቀጺሉ ዝመጸ ርእሰ ዓንቀጽ ሓዳስ ኤርትራ፡ እቲ “ዝሰምዕ እዝኒ እንተልዩ… ንጹር መልሲ ሂቡ ኣሎ - ህዝቢ ኤርትራ!” ዝብል ኣርእስቲ ምስ ኣንበብክዎ፡ ትሕዝቶኡ ነቶም ፈዚዞም ዝነበሩ ኣምሓደርቲ ኣይኮነን ዝበሎ። ኣርእስቱ ጥራይ ብምንባብ ጉጉይ ንጥቢ ኣቐሚጠ። ንምእራሙ ዝኣክል ከኣ፡ ብሓቅስ ፈኸራ ንመንግስቲ ኣሜሪካ'ዩ። ጾሚቕካ እንታይ ረኺብካሉ እንተበልኩምኒ፡

ከምዚ ይብል። ንሕና ንሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃ ክንሰርሕ ካብ ቀደም ዝጸንሐ ዕላማና'ዩ። ካብኡ ድማ ፈልከት ክንብል ኣይኮናን። ካብ እንገብሮን ዝነበርናን ዘሎናን ምንቅስቓስ ድማ ደው ከምዘይንብል፡ ብዝመጸ ሓይሊ ይምጻእ ከምዘይንብርከኽ ነፍልጥ፡ ዝሰምዕ እዝኒ እንተሎ…ኢሉ ይውድእ። ኣመና ክቱር ፍቕሪ ሕሱም ጽልኢ'ዩ ዝወልድ እመስለኒ። ክንድዚ ዝኣክል ፈኸራ ክድርበስ፡ ትኽ ትንፋስ ዝነበሩ ኣዕሩኽ ዝተጣላለሙ ዶ ኣይመስልን? ወይ ትያትሮ'ዩም ዝሰርሑ ዘለዉ? ምሕታትን ምጥርጣርን ሓቀኝ መልሲ ዘናዲ ፈውሲ'ዩ።

እምበኣርከስ ከምዚ'ሉ ብፈኸራታት ካብ ቀጸለ እቲ ጉዳይና፡ ብዛዕባ ዜና ወጻኢ እንታይ ተጻሒፉ'ሎ ንምፍላጥ ኣገደሰኒ። ብጀካ ኣሜሪካ ኣየነይተን ሃገር ኮን ተነኺሰት? ዝተነኸሰት ሃገር ኣይረኸብኩን። ኮይኑ ግና ዩክሬን ዝብል ቃል ምስ ረኣኹ ሰንበድኩ። "ኢማራት ኣንቶኖቭ ኣብ ግዝኣታ ከይበርራ ትእግድ" ዝብል ኣርእስቲ ከምዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ የስፍር። "ኣን-12 ዝዓይነተን ኣብ ዩክረይን ዝተሰነዓ ኣንቶኖቭ ኣብ ኣየራዊ ግዝኣታ ከይበራ ከም ዝኸልከለት…እተን ነፈርቲ ኣብ ኢማራት ጽዑቕ ንግዳዊ ምንቅስቓስን ወፍርታትን የካይዳ ስለ ዝነበራ…ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራይ ብ24 ነፈርቲ 1511 በረራታት ኣንቶኖቭ ኣብታ ሃገር ከም እተራእየ…" (ሓዳስ ኤርትራ 9 መጋቢት 2010 ገጽ 5 #163 ተመልከት) ሕራይ ገበረት!! እየ ዝበልኩ። ዘመላልስኦ ኣቕሑት ኣይጠቐሰን። ሓጺነ-መጺን ከይከውን ተጠራጠርኩ። መራኽብ ከ? ዝብል ሕቶ ከኣ ሸዑ ንሸዑ ገፍ ኣበለኒ። መራኸብ ካብ ዘይተጠቕሳ ድኣ እንታይ ኣገዳስነት ኣልይዋ ኾይና'ያ እዛ ወረ ተቐልቂላ። ኣንታ እዚኣቶም ዘይገብርዎ የብሎምን!! ኣየር ብኣየር ድኣ ፈቲኖም ከይኮኑ? መሊሽ ዝን በልኩ። ዝሕሰብ ሓሲበ ምስ ወዳእኩ፡ ኣንታ ሓሶት! ሓሶት! ምባል ድማ ከይከፍኣና፡ ነተን መራኽብ'ውን ከምኡ ይግበረለን፡ እዝስ ጽቡቕ ወረ'ዩ ኢለ ኣብ ካልኣይ ሓለፍኩ።

ቀጺለ ግንጽል እተበልኩ ግና ካብኡ ዝገድድ፡ "**መጥቃዕቲ 9/11 ዓቢ ሓሶት'ዩ**"… ዝብል ኣርእስቲ ትሕዝቶኡ ከኣ …"ኣመሪካ ውግእ ኣብ ልዕሊ ግብረሽበራ ንኽትእውጅ ዝተሃንደሰ ዓቢ ሓሶት 'big lie' እዩ" ክብል ፕረዚደንት ኢራን ማሕሙድ ኣሕመዲነጃድ ገሊጹ…ኣብ ሃገራዊ ተለቪዥን ቀሪቡ "**ዓቢ ሓሶት**" ክብሎ ግን ናይ ፈለማ ከምዝኾነ ተዓዚብቲ የመልክቱ። ንሱ ብተወሳኺ፡ ኣመሪካ ኣብቲ መጥቃዕቲ 3 ሽሕ ሰባት ከምዝተቐትሉ እትህቦ መግለጺ "ዘይተረጋገጸ ሓሶት'ዩ' ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።" (ሓዳስ ኤርትራ 9 መጋቢት 2010 ገጽ 12 #163 ተመልከት) እዛ ሓሶት! ሓሶት! ትብል ቃል'ባ እዛ ዓምት'ዚኣ ትደጋገም ኣላ። ገኒና! መኖም'ዩ ኮን ጀማሪኣ? ሕጂ ምንኻስ ከም ብሓድሽ ተጀመረ'የ ዝበልኩ። ዘይተርፈኩም!! ንሱ ዋናታቱ ኣለውዎ። ኣብ ጉዳይ ኢራንን ኣሜሪካን ሕጂ'ሽ እንታይ ኣእተወ? መን መስከርቲ ገበረኩም? መን ከ ሓተተኩም? ብሓቂ ግና ኩሉ ከይጀመረ እንከሎ መወዳእትኡ ዝፍዳሕ ድራማ'ዩ። ዕዮ ገዛኻ ምግባር ከመይ ጽቡቕ ነይሩ! እዚ ኣርእስቲ'ዚ ግና ንመጥዓዓሚ ዑቕባዝጊ'ዩ ዝገልገለ።

እቲ ዕዮ ገዛ ተባሂሉ'ምበር ክግበር ኣይኮነን። እቲ ምንኻስን ድራማን ከኣ ክተርፍ ከምዘይኮነ ዘረጋግጸለይ መጋቢት 11 ዝወጸ ሓዳስ ኤርትራ "**ዝወጣወጥ ዘሎ በትሪ መወዳእትኡ እንታይኮን ክወልድ ኢዩ?**" ዘርእስቱ ጽሑፍ ብዘርእዝጊ ዑቕባዝጊ ምሉእ ገጽ'ቲ ጋዜጣ ጥራይ ከይኣኽሎ ምስ መቐጸልትኡ ረኣኹ። ብምልኡ ከንብቦ ትዕግስቲ ሓጸረኒ፡ ሕልፍ ሕልፍ ኢለ መደምደምትኡ ከንብብ ተጓየኹ። ካብቲ ዘንበብኩዎ ዘዋህለልክዎ እንተነይሩ ግና ዘራይ ኢራን ኮይኑ ምቕራቡ'ዩ። እቲ ጽሑፍ ብኸምዚ ይድምድም። "ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ፡ በትሪ የወጣውጣ ኣለዋ፣ ዝወጣወጥ ዘሎ በትሪ ግን መወዳእትኡ እንታይኮን ይወልድ ይኸውን? ማሕበረሰብ ዓለም'ከ ኣብ 2003 ኣብ ልዕሊ ዒራቕ ዝተፈጸመ ዓቢ ጌጋ ክድገም ዓይኑ ሰም ኣቢሉ'ዶ ይዕዘብ ይኸውን ወይስ ዓገብ ይብል?" (ሓዳስ ኤርትራ ኣህጉራዊ ጉዳያት 11 መጋቢት 2010 ገጽ 3-4 #165 ተመልከት)

ነቲ ምሉእ ገጽ ሕልፍ ሕልፍ ኢለ ከንብቦ ከለኹ ምሉእ ሓሳበይ ግና ኣብ ሓደ ሕቶ እንዳኣቃለባ ኣሸገረኒ። ትም ኢለ ድኸም ኢሉኒ'ምበር ደይ መቐጸልታ'ቲ ድራማ'ዩ። ኮይኑ ግና ሓደገኛን በዳህን ሕቶ ጄን (ኣል ጀዚራ) ጠብሎቕ በለኒ። "ከመይ ጌርካ ምስዞም ክልተ ዘይሳነዩ ሃገራት ክትሰርሕ ትኽእል ኣሎኻ? መሬት እዛ ሃገር'ዚኣ መውጽኢ ባእስን ሕነሕነን ብዓል ኢራንን እስራኤልን ከይትኸውን ኣየስግኣካን ዶ?…እስራኤል እንተኾነ ኣብ ኤርትራ ወትሃደራዊ ደምበ ኣለዋ?" እትብል ሕቶ ምስ'ዚ ኣብቲ ጋዜጣ ዝቐረበ ስእሊ ኣዛሚደ፡ ኣይግበሮ! እዚ ህዝቢ መርገሙ ዶ ኣይውዳእን ኢልኩሞ። ከምኡስ ኣይከውንን ግዲ፡ ኢለ ጸሎተይ ከብጽሕ ፈተንኩ። ኮይኑ ግና ኩሉ

ኣብቲ ሃገርና ዝግበር ዘሎ ተዋስኦ'ዩ፡ መወዳእታ ዘይብሉ ተዋስኦ'ዩ እሞ፡ ነብሲ!! ብዙሕ ፍርሒ ኣሕዲርኪ እንዳበልኩ ከቃባጥረላ ጀመርኩ።



(ሓዳስ ኤርትራ ኣህጉራዊ ጉዳያት 11 መጋቢት 2010 ገጽ 3 #165 ተመልከት)

ንፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ክግምግም ክብል ከኣ፡ እስከ ተዋስኦ ጻጸን እምባ ገደምን ዋላ ሕማቕ ይኹን ከዛናግዓኒ ክሕንጥጥ ኢለ ኣብ ፍኑው ጽሑፍ ዘንበልኩ። "ጉዳም ጻጸን እምባ ገደምን" ዝብል ሽም ሃብክዋ። ንእምባ ገደም ከፍርስ ይህቅን ኣሎ ተባሂሉ ዝተወርየሉ ጻጸ፡ ሓደ ረኺቡ ክውከሶ'የ በለ። "ስማዕ እስከ! ንስኻ ጻጸስ ጻጸር እምባ ገደም ክትጓርት ምሉእ መዋእልካ ክትነብር? ዘይተርፈካ! ኣብኡ ስፈር፡" ይብሎ። እቲ ጻጸ ከኣ "ኣበይ ኣታ! ኣብ እምባ ገደም? ከምኡ ኣይትበል። እዛ ዘረባ'ዚኣ ኣይተስምዓኒ። እዚ እምባ'ዚ ንምሕኳሩ ጸጊሙና ስለዘሎ ክፈርስ ኣለዎ። ንሱ ከይፈረሰ ሰላም ኣይርከብን'ዩ፡" ኢሉ መለሰሉ። "እሞ ምስ እምባ ገደም ባእሲ ተኺልካ?" ብማለት ኣጥብቒ ኣቢሉ ሓተቶ። "ዋእ! እንታይ ግዲ ኣለዎ'ዩ፡ እዛ ኹላ ሓሸከት ኣይትርእያን ዲኻ ዘሎኻ?" ኣንዳበለ ኣብቶም ላዕላን ታሕትን እንዳበሉ ጻጸር ዝጓርቱ ዝነበሩ ኣሽሓት ጻጸ ኣመልከተሉ።

እቲ ምምልላስ ዘረባ ንቕሩብ ደቓይቕ ኣቛረጸ። ጻጸ ዝን ኢሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ "እንታይ ይመስለካ፡ ሓሳባትካ ተረዲኣዮ ኣለኹ።" በሎ'ሞ ቀጺሉ ከኣ፡ "እንተኾነ ግና፡ ጽሓይ ብርቕ ክትብልን እምባ ገደም ባእሲ ከልዕልን ሓደ ኾይኑ። ንሱ ክብኣሰና ንሕና ክንብኣሶ ምሉእ መዓልቲ ንውዕል፡ ታዕታዕ ይፍጠር፡ ዝሰምዐት እዝኒ ድማ ትርበሽ። ከምዚ ትርእዮ ዘሎኻ፡ ቀትሪ ቀትሪ ኣብ ሞንጎ ባእሲ ሓደ ክልተ ጻጸር ቦግ እንዳበልና ክንጓርት ንውዕል።" እንዳበለ ክቕጽል እንከሎ ጻጸ፡ ዘረብኡ ብሃንደበት ኣብ ሰላሕታ ይቕየር'ሞ እቲ ሓታታይ ከኣ ምስማዕ ስኢንዎ ይጽግየ።

እቲ ጻጸ ዘረብኡ ኣትሒቱ ይቕጽል፡ "ለይቲ ለይቲ ድማ፡ መን ግዲ ዝርእየና ኣሎ'ዩ ተሓጃቝፍና ንሓድር። እምባ ገደም ማሙቕ'ዩ። ኣይትንገር ግና! እምባ ገደም'ዩ ዝሓድር ኢልካ ኣይትንገር! ምስጢር'ዩ። ድሓር ድማ ጠፊእካ ዶ፡ እምባ ገደም ካብ ዘለዎ ፍሕት ክብል ኣይኮነን፡ ደይ ትያትር'ዩ። ስለዚ ምኽርኻ ቅቡል'ዩ። ንሕና ሕጂ ዘይኮነስ ቀደም ጥንቲ ኣብ እምባ ገደም ስፍራና ዝሓዝና ኢና።" እቲ ሓታታይ፡ "ጻጸ ድማ ጎሪሕካስ ፖለቲካ ክኢልካሉ?" ምስ በሎ፡ እቲ ጻጸ ድማ እዚኣ እንታይ ከምዝኾንኩ ሞሊቓትኒ'ያ፡ "ከይትነግር! ከይትነግር!" እንዳበለ ሓቂ ከምስል፡ ጸጸሩ ተሰኪሙ ንእንቁልቁለት ኣንከራረወ። ኣቲ ናትና ነገር'ውን ካብኡ ኣይሓልፍን ብማለት ኣብ ኣእምሮይ

ከካውሶ ቐጸልኩ። ጉርሕን ተንኮልን ሽጣረን "ሓዎም!" ድማ፡ እንተስ ባዕሉ ንህዝቢ ክነግሮ፡ እንተስ እቲ ህዝቢ ባዕሉ ፈሊጢ ክፍድሖ፡ ንቖኒ ጥራይ ንቖኒ'ዩ ዘብል።

ከምቲ ኩነታት ውሽጢ ሃገር፡ ኩሉ ነገራት ዝጎደለ የለን፡ ይሰልጥ ኣሎ፡ ህዝቢ የመስግን ኣሎ፡ ህዝቢ ዓጸፌታ ምስ መንግስቲ ክትሓባበር ተማባጺዑ፡ ወጻእተኛታት በጻሕቲ ብሰላምን ቅሳነትን ህዝቢ ኤርትራ ተገሪሞም፡ ቀኒኦም'ውን.. እንዳተባህለ ዝሕንጠጥ፡ ብማዕሪኡ ከኣ ኩነታት ወጻኢ ሃገር፡ ዓለም ጽቡቕ ቀንያ ኣላ፡ ጎረባብትና ደሓን ኣለዉ፡ ሃገራት ዓለም ምዕባለ የመዝግባ ኣለዋ፡ ህዝቢ ዓለም ብሰላምን ቅሳነትን ይነብር ኣሎ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ኣብ ወጻኢ ሃገራት'ውን ኩሉ ጽቡቕ'ዩ ዘሎ፡ ዘለ የለን ስራሕና ጥራይ ንግበር፡ ምድሪ ቀሲኑ'ዩ ዘሎ እንዳበላ፡ ሓዳስ ኤርትራን መሓዙታን ዝጽሓፉ ነይረን እንተዝኾናስ፡ እዛ ንእሽቶይ ክንዲ ቃጽያ ዘይትኸውን ሃገርና ክንደይ ሰላም ኮን ምረኸበት። ከምኡ ግና ኣይኮነን። "ንሕና ጽቡቕ ኣሎና፡ ኩሉ ዓለም ሕማቕ ኣሎ፡" ንመንግስትኹም ከተመስግኑ ይግብኣኩም'ዩ ጽሕፈት ሓዳስ ኤርትራ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ከተንብብዋ ትዕግስቲ ይሓትት።

ሓዳስ ኤርትራ ምንባበይ ኣይከፍኣን። ነቲ ዘሎ ርጉጽ ኩነታት ገንጺላ ሓቂ ከተፍልጠና ከምዘይትዳሎ ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ ዝጸሓፈቶ ምንባቡ ኣገዲሱኒ። ምኽንያቱ ነቲ ኣእምሮ ህዝብና ወግሐ-ጸብሐ እንታይ ክምግብዎ ከምዝደልዩ ፈሊጥካ ብጭቡጥ ነቐፌታ ምኽሻሕን ዓገብ ምባልን ክከኣል ምስ ዝንበብ ሓጋዚ'ዩ። ምንባቡ ስቅያት ስለዝኾነ ግና ጻዕርን ትዕግስትን ይሓትት።

ብዓቢኡ ከኣ፡ ሓዳስ ኤርትራ ብዛዕባ ኣህጉራዊ ጉዳያት እተስፍሮምን እትጥቀመሎምን ቃላት ተዋጋእትን ተናኸስትን ስለዝኾኑ፡ ከተንብብ ከሎኻ መካላኸሊ ምቕራብ ኣድላይ'ዩ። ብዛዕባ ውሽጢ ሃገር እተስፍሮም ቃላት፡ ብሕርያ ሰላምን ምዕባለን ጥራይ ከስተንፍሱ ዝተመርጹ ብምዃኖም ተጓዳእቲ ኣይኮኑን። ደድሕሪኦም ግና፡ ሓሰውቲ ቃላት ሰፈር ጸቢብዎም ክብኣሱ ይስምዑ። ዘበን ሓሶት'ዩ! ስለዚ ክቡር ኣንባቢ፡ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍ ካብ ሓዳስ ኤርትራ ዝጠቕሶም ጽሑፋት ከተንብብ እንተደሊኻ መከላኸሊ ሒዝካን ስጉርፍኦ ቀሪብካን ተዳሎ። እቲ ምንታይሲ ኤርትራዊ ሕልና እንተኣሎካ፡ ብሓሶት ኣእምሮኻ ከይህሰ፡ ንሓሶት መታን ክትጉሕፎ። እቲ ሓሶት ህዝብና ክፈልጦን ተቐቢሉ ክጉሕፎን ንድሕነቱ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ከኣ፡ እቲ ጽሕፈት ከይተሓለለ ክቕጽል'ዩ።

ኣብ ዝመጽእ ጽሑፍ ብሰላም የራኽበና።

ፍኑው ጽሑፍ(ቴማ #1)

ገብራይ ክፍለ

መጋቢት 14 2010